# ድራር ህዝባዊ መኽተ

ወርሓዊ ድራር ህዝባዊ መኽተ፡ ቀዳም ምሸት 30 ሚያዝያ ኣብ ማእከል ኤርትራውያን (ኢሲሲሲ) ብድሙቕን ምዕሩግን ኣገባብ ተኻይዱ፡ ኣብ'ቲ ምሸት ድራር ዘዳለዋ ኣዴታት ጋንታ በይሉል ክኾና ከለዋ፡ እቲ ንተሳተፍቲ ዝተዳለወ ትሕዝቶ፡ ወርሒ መጸ እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ዝበለጸ፡ እንግዶት ድራራት ምስትምቓር ዝውቱር እናኾነ መጺኡ ኣሎ።

"ኣዴታት ኤርትራ መንኮርኮር ምንቅስቓስ ሃገራዊ ቃለስና እየን፡ ወሊደን ደቀን ንቓልሲ ዘሰለፋን ዘዕጠቓን፡ ኣብ ጎድኒ ደቀን ተሰሊፈን ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ዝኸፈላ፡ ሕጂ'ውን ኣብ ሃገራዊ ህንጻ ሃገርን መኽተን፡ ሓቦ ዘዕጥቓን ዝመርሓን ዘለዋ ንሳተን እየን፡ እዚ ኣብ'ዚ ከባቢ ዝግበር ዘሎ ምንቅስቓስ እውን ናቱ ኣካል ስለ ዝኾነ፡ ብኽብርን ኣድንቖትን ዝርአ እዩ" ክብል ኣቶ ሳልሕ ዓብደላ ሳዓድ፡ ሓላፊ ቆንስላዊ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ'ቲ ምሸት ተረኺቡ ምስጋንኡ ንኣደታት ጋንታ በይሉል ኣቕረቡ።



ኣዴታት መኽተ---ጋንታ በይሉል-

እዚ ተወፈይነት እዚ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓዘዘ ኣብ'ዚ ከባቢ ዘሎ ህዝብና ድማ ብቐጻሊ ተመሳሳሊ ተበግሶ እናወደበ፡ መንፈስ መኽተና ከሐይል ዓቢ ኣስተዋጽኦ

አሰላስል ኣሎ። እዚ ዕጥቂ እዚ ብዝሓየለ ከም ዝቕጽል ድማ ካብ ኩለን ኣዴታት ዝስማዕ መብጽዓ እዩ።
ከም’ቲ ተደጋጊሙ ዝግለጽ፡ እቲ ተታሒዝናዮ ዘሎና ዕማም ኣብ’ቲ ግቡእ መዓልብኡ ክሳብ ዝወቅዕ፡ ዶብና ኣብ መሬት ተረጋጊጹ፡ ጸላኢ ካብ መሬትና ክሳብ ለቒቑ ዝወጽእ፡ ንቕኑዕ መኣዝና ንኽንስሕት ተባሂሉ ብዓመጽን ውዲትን ዝተወሰነ እገዳ ክሳብ ዝስረዝ መኽተና ኣብ ቦትኡ እዩ ዘሎ። ነዚ መገዲ ዓወት እትመርሕ ኤርትራዊት ኣደ ከኣ ነቲ ሽግ ሓቂ ዓቲራ ትምርሽ ኣላ። እዚ ድራር’ዚ ድማ እቲ ልክዕ መልእኽቱ ንሱ እዩ።



ኣብ’ቲ ምሸት ከም ልሙድ ብዝተፈላለየ ትልሂትን ሙዚቃን ዓሚሩ ኣምስዩ። ንዝመጽእ ግንቦት 21 ድማ “ብጋንታ ኣዴታት ናጽነት” ኣብ ቅንያት ጽንብል 20 ዓመት ናጽነት ኤርትራና ዝካየደሉ ሰሙናት ስለ ዝኸውን ብሉጽን ድሙቕ ምሸት ከም ዝኸውን፡ ሕጂ እውን ከም ወትሩ ኣዴታትና ድርብ ምቅርራብ እገብራ ኣለዋ፡ ንተሳትፍኹም ድማ ብኽብሪ ንዕድም።

ዓወት ንሓፋሽ!
ሰናይ ቅንያት ናጽነት!
ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኽተ፡ ከባቢ ዋሽንግቶን ዲሲ፡